# ዶክተር ኣቢይ ኣሕመድ

# በዓል ውዕለት ህዝቢ ኤርትራ

መራሕቲ ሃገረ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጸምዎ ግፍዒን በደልን ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ንጉስ ሃይለስላሴ፣ ደርጊ፣ ጭፍራ ወያነ ሓደ ካብ'ቲ ሓደ ዝ'ኸፍኤን ዘሰቅቕን ግፍዕታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ፈጺሞም እዮም። ካብ ኩሎም እቲ ዝ'ኸፍኤ ግን ጭፍራ ወያነ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ካሓዲ ስርዓት ብደሙን ኣዕጽምቱን ኣብ ስልጣን ንክመጽእ ከም ዘይሓገዘዎ፣ ነታ ብመስዋእቲ ዘምጻእናያ ሃገረ ኤርትራ ዳግማይ ንክጥፍእዋ ምህቃኖም ምሕረት ዘይግበሮ ታሪኻዊ በደል እዮም ፈጺሞም።

ጭፍራ ወያነ ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ፣ ሃገርና ብናህሪ ክትሰጉም ስለዘረኣይዋ፣ እቲ ቀናእ ኣተሓሳስብኦም ካብ ኣቦታቶምን ኣባሓጎታቶምን ዝወረስዎ ሕረድ ቅተል ዝመት ዝብል መትከል ከተግብሩ እዮም መሪጾም። እዞም ሕጂ ዘሎና ወለዶ ናይ ራእሲ ወልደንኪኤል ኣታሊልካ ምቅታል፣ ኣሽሓት ኤርትራውያን ኣብ ናይ ዓድዋ ውግእ ኢዶም ከምዝቑረጽ ምግባር፣ ናይ ደግያት ውቤ ዝምታን ቆሎ ቆሊኻ ኣብ እዝኒ ሰባት ምእታው፣ ናይ ራእሲ ኣሉላ ንህዝብታት ብኣልማም ምሕራድን ምቕታልን ምዝማትን ብታሪኽ ጥራሕ ኢና እንፈልጦ። ናይ ጭፍራ ወያነ ተግባራትን ግን ትማሊ ኣብ ልዕሌና ኣብ ቅድሚ ዓይንናን ዝተፈጸመ ግፍዒ ስለዝኾነ መን እዩ'ሞ ዓይኑ ዓሚቱ ክሓልፎ።

ብሰንኪ ወራር ናይ'ዚ ጭፍራ ሉዕላዊ መሬት ኤርትራ ከይድፈር ልዕሊ 20000 ዝ'ኸፈልናዮ ናይ መንእሰያትና መስዋእቲ፣ ሕብሪ ዓይኑ'ኹም ደስ ኣይበለናን ተባሂሎም ልዕሊ 100000 ሰባት ካብ ገዝኦምን ቤቶምን ሑሙማት ኣብ ሆስፒታላት ዝተሰጉን ዝተ'ኸላበትቱን፣ ከተማታትና ዘዕነዉን መቃብር ስውኣትና ዝፈሓሩን ኣዴታትናን ኣሕዋትናን ዝደፈሩ ከመይ ጌርና ክንርስዮምን ምስኦም ኮይና ብሓባር ክንሰርሕን።ህዝብና ተበታቲኑ ፋሕ ብትን ንክብል ዓለማዊ ውዲት ዝገበረ፣ ህዝብና ንከይርህዎ ብእገዳን ከበባን ቁጠባና ሮማዕ ንክብልን ካብ ዓለም ንክንጸልን፣ ከይፈተና ኢድና ሂብና ብዘይ ሃገር ክንተርፍ መወዳእታ ዘይብሉ ጻዕሪ ዝገበሩ ከመይ ጌርና እቕረ ክንብለሎም ።

ህዝቢ ኤርትራ ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ይኹን ምስ ህዝቢ ትግራይ ዋላ ሓንቲ ጽልኢ የብሉን። ኩሉ ግዜ ክንዘክሮ ዝግባኣና ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ መራሕትን ነገስታትን ኢትዮጵያ እዮም። ጽልኢ ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ነይሩና እንተዝኸውን ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልስን ድሕሪ ነጻነትን ንዝተፈላለያ ውድባት ናይ ኢትዮጵያ ሓገዝ ኣይምተገብረሎምን ነይሩ። ዕላማ ህዝቢ ኤርትራን ህዝባዊ ግንባርን ኣብ ሞንጎ ህዝብታትን ሃገራትን ፍቕርን ሰላምን ተሓባቢርካ ምንባር ኣብ ዝብል ዕላማ ዝተሞርከሰ እዩ።

ኣብ ከምዚ ዝተሞርከሰ ቁኑዕ ናይ ሓባር ዕላማ ብሳላ ጽንዓትን ቃልስን ህዝቢ ኤርትራን ወጹዓት ኣህዛብ ኢትዮጵያ እዚ ደመኛ ናይ ሓባር ጸላኢ ጭፍራ ወያነ ካብ መንበረ ስልጣኑ ኣብ ኢትዮጵያ ተኣልዩ ኣብ መቀለን ዓድዋን ተሓቢኡ እቲ ሉሙድ ናይ ዕንወትን ምምቅቃልን መደባቱ በቲ ካብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘሚትዎ ዝኸደ ገንዘብ ጌሩ ኣንጻር ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብቀጻሊ ይሰርሕ ኣሎ።

እቲ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ለውጢ ዘምጽኤ ሓይሊ ብመሪሕነት ዶክተር ኣቢይ ኣሕመድ ነቶም ዝሓለፉ ሰለስተ ስርዓታት ማለት ሃይለስላሴን ደርጊን ወያነን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘውረድዎ በደል ንምክሓስ ዓቲቦም ተበጊሶም ኣለዉ። መርኣያ ናይ'ዚ ድማ እቲ ስርዓት ወያነ ን20 ዓመታት ተሓሲምዎን ጁሆን ሒዝዎ ዝጸንሐ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብዘይ ቅድመ ኩነት ተቐቢልዎ ካልኣይ እቲ ብወያነ ምስ ገለ ምዕራባውያን ሃገራት ብምኽኣን ዝተፈላለየ ጠቀንታት ብምፍጣር ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተሰገደደ እገዳ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ብዝገበሮ ጻዕሪ እቲ እገዳ ተላዒሉ ኣሎ።

እዚ ብተበግሶ ዶክተር ኣቢይ ተጀሚሩ ዘሎ መስርሕ ሰላምን ምልዓል እገዳን እቲ ዝዓበየ ውዕለት ንህዝቢ ኤርትራ እዩ። ንሕና ኤርትራውያን ከም ሃገር ክንቅጽልን ክንሕይልን ዓቢ ባይታ ዝፈጠረ ስለ ዝኾነ ስም ዶክተር ኣቢይ ኣሕመድ ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ብወርቃዊ ቀለም ተጻሒፉ ክነብር እዩ። የቀንየልና ዶክተር ኣቢይ ዕድመን ጥዕናን ይሃብካ።

ዓወት ንሓፋሽ!!

ግርማይ የማነ

Tzinaat@gmail.com